# ናይ ሱፐርኬየር
## ፋርማሲታት

ናይ ሱፐርኬየር ፋርማሲታት ናይ 24 ሰዓት ዕድል ናብ ፋርማሲስት፡ እዚ ድማ ንምኽሪ፡ ቀረብ መድሃኒታትን ምሃብ መአዘዚ ሓኪምን ይህብ። ነርስ ናይ ሳይት/ኣብ ቦታኻ ድማ ካብ ሰዓት 6 ድ/ቀ ክሳብ 10 ድ/ቀ ኣለዉ። ተሓከምቲ ቆጸራ ምግባራየድልዮምን እዩ።

እቲ ነርስ ክህበኩም እዩ።


- **ኣካላሚ መርመራ።**
- **ደገፍን ምኽርን ን ቀሊል ሕማምን መጉዳእታን**
- **ገለ ናይ ምክልኻል ክታበታት እንከላይ ንኢንፍልወንዛን ድምጺ ዘለዎ ሰዓልን**
- **ናይ ጥዕና ምርኣይ፡ ገምጋም፡ ምኽሪ ንምክልኻል ሕማም፡ እንከላይ ምክትታል ጸቕጢ ደም፡ መርመራ ሽኮር ኣብ ደምን ምክትታል ክብደትን**
- **ምኽሪ ጾታዊ ጥዕና**
- **መሰረታዊ ስነ-ኣእሙራኣዊ ገምጋም**
- **መወከሲ ሓበሬታ ን ዝተፈላለየ ኣገልግሎታት ጥዕና ናይ ቦታኹም**

ን መዓልታዊ ሓበሬታ ናይ ሱፐርኬር ፋርማሲታትን ንምብጻሕ ኣብ ቦቶኦምን፡
www.betterhealth.vic.gov.au/health/servicesandsupport/victorian-supercare-pharmacies

### ፋርማሲታት ሱፐርኬር ከመይ ጌሩ እዩ ናተይ ውልቃዊ ሓበሬታ ዝሕዞን ዝጥቀመሉ?

ኣገልግሎት ሱፐርኬር ፋርማሲ ክትረኽቡ ከለኹም ናትኩም ብሕታውነት ይኽበር እዩ። ፋርማሲስት ድማ ብዛዕባኹምን መድሃኒታትኩምን ሓበሬታ ይእክባን ይኽዝናን እየን። እዚ ድማ ብሕጊ ዝጥለብ እዩ። ብተወሳኺ ድማ ናይ ነርሲንግ ኣገልግሎት ውን ንዓኹም ኣብ ሕክምና ክሕግዝ ዝድለ ሓበሬታ ክእክባ እየን። እዚ ሓበሬታ ድማ ብውሑስነት እዩ ዝዕወብ እዚ ድማ ብመሰረት ሕግን ብናይ ኣውስትራልያ ሰፊሕ ናይ ብሕታውነት መትከላትን እዩ ዝትሓዝ። ናትኩም ናይ ጥዕና ሓበሬታ ድማ ብፍቓድኩምን ን ኣዝዩ ውሱን ዕላማታት ጥራይ እዩ ዝካፈል፡ እዚ ድማ እንከላይ ምስ ልሙድ ሓኪምኩም እዩ።

Ambulance Victoria



**ኣብ እዋን ለይቲ ነፍሲወከፍ ፋርማሲ ኣብ ቦታኣ/ሳይት ሓለዋ ጸጥታ ክህልዋ እዩ።**

## እቲ ኣገልግሎት ናይ ነርሲንግ ናጻ ድዩ?

ኣብ ሱፐርኬየር ፋርማሲ ኣብ ነርስ ንምርኣይ ናይ መወከሲ/ምኽሪ ክፍሊት የለን። እቲ ነርስ ኣብ እዋን ውከሳ ዝተጠቕመሉም ሕክምና ቀረባት ውን ናጻ እዮም። ተሓከምቲ ድማ ካብ'ቲ ፋርማሲ ተወሳኺ ፍርያት ክጥቀሙ ክመርጹ ይኽእሉ እዮም።

## ኣገልግሎታት ነርሲንግ ንምርካብ ናይ ሕክምና ካርዲ የድልየኒ ድዩ?

ኣይፋል። እቲ ኣገልግሎት ከኣ ንኩሎም ቪክቶርያውያንን በጻሕቲ ናይ ስተይትን ቅሩብ እዩ።

## ተሓከምቲ ኸ ንነርስ ንምርኣይ ቆጸራ የድልዮም ዶ?

ኣይፋል። ተሓከምቲ ብመሰረት ቀዲሙ ዝመጸ ቀዲሙ ይረአ እዮም ክርኣዩ።

## ነርስ ናብ ሓፈሻዊ ሓኪም እንተድኣ ሊኢኻትኒ ኸ እንታይ የጋጥም?

ኣብ ገለ ሕማማት፡ እቲ ቀንዲ ግቡእ ዓይነት ሕክምና ካብ ሓፈሻዊ ሓኪም ክርከብ ይኽእል። ነርሳት ድማ ሓፈሻዊ ሓኪምኩም ኣሎ እንተኾይኑ፡ ኣብቲ ልሙድ ሓፈሻዊ ሓኪምኩም ክትርኣዩ ክመኽሩ ይኽእላ እየን። ነርስ ሱፐርኬየር ፋርማሲ ናይ ቦታኹም ናይ ድሕሪ ሰዓታት ወይ ካልእ ሕክምናዊ ኣገልግሎታት ክመክር ይኽእል እዩ። ብፍቓድኩም፡ እቲ/ታ ነርስ ዝተጻሕፈ ጹማቕ ንሓፈሻዊ ሓኪምኩም ምስ ዝርዝር ብዛዕባ ስለምንታይ ንስኹም ናብ ሱፐርኬር ፋርማሲ መጺኹም ክህበኩም እዩ።

## ኣብ'ዘን ፋርማሲታት ናይ ትርጉም ኣገልግሎታት ክህሉ ድዩ?

ክልቲኦም ማለት ፋርማሲን ኣገልግሎት ነርሲንግን ናይ ተርጓማይ ዕድል ኣለወን።

